# ሕጂ ውን ንህግደፍን ማሳልቶምን

## ካብ ምብዳህ ዓዲ ኣይወፅልን

## ማል 20 ክፋል

ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ

በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን

ዘረባ ለባማት ልበይ ተንኪፋኒ

ደለይቲ ፍትሒ እስከ ኣዝግኑኒ

መንዩ ዝምን ክኸውን ጸጋኒ፦

ሰዓቢ ህግደፍ መቃይሒ

ንመፅነ ዊ ትብሎ ሜራሒ

ንሃገር ዝገብር ዘሎ ክጽሒ

ጸረ ህዝቢ ኤረትራ ምስክሒ፡

ወሸጡሐፋር

ጻዕሩ ሕድሪ ከተግብር

ሐደ ካብቶም ግዳም ሕዱር፦

ኤረትራዊ ምኳነይ ይሕበን

በቲ ሐደ ብዙሕ ይሐዝን

ኩሉ ደቂሱ ህዝቢ ክብተን፦

ኩልና ሐደ ድዩ ዕላማና

ቃልስና ንቤሄር ዶ ንሐርነትና

ረሲዕና ሕድሪ ሰማእታትና

ኤርትራ ምኳና ናይ ኩልና፡፡

ኣይብቀዳሞት ብዳሕረዎት

መርሃዊ ተሳኢኑ በዚሑ ሞት

ዓመታት ምቑጻር ብዘይ ግብሪ

ቃንዛ በዚሑ ወዲኡና ቁሪ

ተቓወምና ማዃሰዩ ፍረ ዘፍሪ፡፡

ብሓደ ዓገብ ከይብል ህዝቢ

ኣእዳዊ ኣጥማጁ ኮይኑ ተዓዛቢ

ተንሰኡ ንዲክታቶር ከተወድቑ

ተንሰኡ ፈሪሕኩም ኣይትጀርቑቑ

ተንሰኡ ፍትሐዊት ኤርትራ ንደቑ፡፡

ገለ ተቓወምቲ ኢና በሃልቲ

ማዕረ ኢሰይስ ተሓተቲ

ንጀጋኑ ኣሕሊፍኩም ወሃብቲ

ደለይቲ ንፍትሒ ዶ መጻንሒ

ዕምሪ ዲክታቶር መናውሒ

ንዓመታት ኣይሰርሑ ኣየሰርሑ

ሕማም መንዳዓት ስለ ዝበዝሑ፡

መኀፍንቲ ሳሕል ሐሰኻ

ብመንግስቲ ናይ በረኻ

ብሕጊ ኣልቦ ምስ ጃንዳኻ

ን24 ዓመት ህዝቢ ኣሳቐኻ

ካብዚ ኣይሓልፍን ሕልምኻ፡፡

ሕጊ ቅዋም ዘይብልና

ሉኡኻቱ ጽገና ይብሉና

ዕንቅፋት ክትኾኑና

ጅብኣም ምሉእ ጽገና፡፡

ታሪኽ እንዳ ጠምዘዙ

ኣሰር ሓደ ሰብ ዝጓዓዙ

ናይ ኢሰያስ ጦፍ ህግደፍ

ሓሶት ንምንዛሕ ቁልጠፍ፡፡

ንዝተጠርነፈ ክፍርሱ

ኣብ ምኹጽ ሆተል ይድቅሱ

ወይለኸም ደቂ መዛምርቱ

ምልዮናት ክምላስ ናብ ዋናታቱ፡፡

ብኢሰያሳዊያን ኣይንቕበርን

ኤረትራዊያን ኣይንመውትን

ክንቃለስ ኢና ህዝቢ ንምድሓን፡፡

ደብዳበ ላዕለዎይ ባይቶ

ንጅግና ዓዋተ ኣዳል ዘደየበቶ

ኢትዮጵያ ንናይ ነጻነት ሕቶ

ኣንፈቱ ምስ ኣስሐተቶ··

ተበግሶ ላዕለዋይ ባይቶ

ንነጻነት ነሩ እቲ ራኢቶ

እንታይ ከ ሃጸይ ዝፋሐሶ

ኣ ኻኺቡ ኣንድነት ዝብሉ ኮሶ

ሕልሚ ኤረትራዊያን ዘህሰሶ··

ናይ ሰዉእ ዓዋተ ተበግሶ

ናይ ሓርነት ጢያይቲ ዝተኮሶ

ተዓዊቱ ቃልሲ ዓዋተ ዘበገሶ··

እወ ሜሬትናስ ነጻ ወጺኡ

ድሕሪ ነጻነት እንዶም ከፊኡ

ክንዲ ሐጎስ በዚሑ ልቓሶ

ህዝቢ ኣይረኸበን ዝከሕሶ

ትም ኣደታት እንዳ በኸርያ

ኢደይ ኢድካ ንበል ሳቦያ

ሃገር ምስ ህዝባ ክነሕውያ··

ዎሎዶ ሎሚ ኣይትጋገ ግበር ገለ

ንጓኖት ገድፍካ ንደገ ህዝቢ ክብደለ

ንኣርዮስ ሜካት ካብ ከምዚ ተባህለ••

ንኤረትራ ምስ ጎበጣ ሃጻያዊ

ኣብ ዘበን ሃይለ ስላሰየ ሐሳዊ

ዓዱ ሸይጡኮይኑ ኢትዮጵያዊ

ኣብ ግዜየ ኢሰያስ ሃገራዊ

ገንዘብ ዝማጠወ ኤረትራዊ

ተረሲያም ዋዕሮ ምስ ሞርሃዊ••

ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤረትራ

ክብርን ሞነስን ንጀጋኑ ሰማእታትና

ኤረና ሎሚ ዶ ጽባሕ ጭርሖና

ሸዊት ለምለም ከኸውን ዓድና

ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍ ዝብሉ ይንበረልና